# ሰንበት ዘምኵራብ

የካቲት 26 2015ዓ.ም. (መጋቢት 5 2023)

መዝሙር፡ ቦአ ኢየሱስ ምኵራበ አይሁድ ወመሃረ ቃለ ሃይማኖት....ኢየሱስ ኣብ ቤት ጸሎት አይሁድ ኣተወ። ካብ መስዋዕቲ ምጽዋት እፍተወኒ ኣነ ንሰንበት ዋንአ ንምሕረት ኣቦአ እየ፥ ንቤት ኣቦይ ቤት ሸቓት አይትግበርዋ ቤተ ጸሎት እያ እትስመ፥ ሰንበት አኽብሩ ሠናይ ግበሩ ንብጻይኩም አፍቅሩ ንድኻታትን መሳኺንን ራሕርሑ እምነት ከተሕድሩ።

ንባባት፡ ቆላ 2፡16-ፍ ያዕ 2፡14-ፍ ግ.ሓ.10፡1-9፤ ሉቃስ 19፡45-48።

ስብከት፡እስመ ቅንአተ ቤተከ በልዓኒ፥ ትዕይርቶሙ ለእለ ይትዔየሩከ ወድቀ ላዕሌየ፤ ወቀጻዕክዋ በጾም ለነፍስየ፥ ንቤትካ ዘሎኒ መንፈሳዊ ቅንኢ ከም ሓዊ የንድደኒ ኣሎ፥ ጸርፊ እቶም ዝጸርፉኻውን ኣባይ ወደቐ፥ ንነፍሰይ ብጾም ኣሕሳእክዋ መዝ. 69፡9።

ኣብ መዓልቲ ሰንበት ንአምላኽ ዘሕጉስ ነገር፥ ሕይወትና ቤት ኣምላኽ ገርና ክንጉዓዝ፥ ሰናይ እናገበርና ንሓውና ሓፍትና ክነፍቅር እሞ እምነትና ሕያው ክንገብር ከም እንኽእል ይነግረና። ኢየሱስ ነዚ ቅድሚ 2000 ዓመት ኣብ ቤተ መቕደስ ሰቢኽዎ ሎሚ እውን ኣብ ልቢ ነፍሲ ወከፍና ብቤተክርስትያኑ ገሩ ይሰብኮ ኣሎ።

ወንጌል ንሎሚ ዝተነበና ጎ.ኢ.ክ ኣብ ቤተ መቕደስ አይሁድ ኣትዩ ዝገበሮን ዘስተምሃሮን ይነግረና። ኣብ ወንጌል ዮሓንስ ነዚ ናይ ኢየሱስ ኣብ ቤተ መቕደስ ኣትዩ ዝገበሮ ኣብ መጀምርታ ይነግረና ኣብ ናይ ካልኦት ወንጌላት ግን ኣብ መጨረሽታ ኢና እንረኽቦ። ቅ. ዮሓንስ ኣብ መዓልቲ ፋሲካ አይሁድ ከም ዝገበሮ እዩ ዝነግረና። ፋሲካ አይሁድ ዓቢ ብዓል እዩ ኣብ ብሉይ ኪዳን። ከም ሕጊ ሙሴ ኣብዚ ዓቢ ብዓል ነፍሲ ወከፍ ተባዕታይ እስራኤላዊ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ክቐርብ አልአ (ዘጽአ. 34፡23 ዘዳግም 16፡16) እቶም ሕጊ ዘኽብሩ ኩሎም ኣብቲ ቤተመቕደስ ከይዶም መስዋዕቲ ከቕርቡ ኣለዎም፥ ሃብታም እንተ ኾነ ብዕራይ ወይ በግዕ ድኻ እንተኾነ ርግቢት ወይ ክልተ ባረቶ ነቲ ዝገበሮ በደል ክስውዕ ኣለዎ (ሌዋ 5፡7) ከምኡ ኣብ ዓመት ካብ ዕስራ ዓመት ንላዕሊ እንተኾነ ፍርቂ ሸክል ክኸፍል አልአ እዚ መዓልታዊ ውዕለት ብዘመኑ ዝነበረ እዩ። ካልእ ገንዘብ ከም ዲናር፥ ድራክማስ ዝተባህሉ ገንዘብ ናይ አረመን ነጋውስ ስእሊ ስለ ዝነበሮም ንምጽዋት አይበቕዑን እዮም ተባሂሎም ኣብ ቤተ መቕደስ ከም ምጽዋት ከውድቑ ፍቑድ አይነበረን። እቲ ኣብ ቤተ መቕደስ ዝመጽእ ዝነበረ ህዝቢ ብዙሕ ስለ ዝነበረ ጫውጫውታን ድምጽን ነቲ ቤተመቕደስ መልክዑ ኣቐይርዎ ነሩ ነብያት እውን ነዚ ብዙሕ ጊዜ ይቃወምዎ ነሮም። ቤተ ኣምላኽ ብኻልእ ክትካእ እንከሎ ጥፍኣት እዩ።

ቅንአት ቤትካ በልዓኒ ዝብል ኣብ መዝ. 69፡9 ዘሎ መሰረት ገሩ ኢየሱስ ሕጊ ክመልእ ኣብ ቤተ መቕደስ አይሁድ ኣትዩ ነቶም ዝሸጡን ዝገዝኡን ዝነበሩ ንቤት ኣምላኽ ዘይመልክዑ የልብስዎ ስለ ዝነበሩ ንኹሎም ካብኡ ሰጊግዎም። ኢየሱስ ኣነጺሩ ንሱ ወዲ እግዚአብሔር ምዃኑ ኣቦይ እናበለ ብምሉእ ስልጣን እቲ መስሕ ወዲ ኣምላኽ ከምዝኾነ ነጊሩ። ቅ.ማርቆስ ምስ እዚ ኣተሓሒዙ ብምሉእ ስልጣን ከምዝገበሮ ይነግር ነዚ ዝተዓዘቡ መማህርሃን ሕጊ ብናይ መን ስልጣን ኢኻ ነዚ እትገብር ዘሎኻ እናበሉ ሓቲቶሞ (ማር 11)።

ቤተ መቕደስ ኢየሩሳሌም ነታ እስራኤላውያን ኣብ በረኻ ሒዞማ ዝጉዓዙ ዝነበሩ ታቦተ ኪዳን ተኪአ ህላዌ ኣምላኽ እትገልጽ እያ ነራ። እቲ ኣብ ቤተ መቕደስ ዝግበር ዝነበረ ሎሚ ኣብ ሕይወት ሰባት ክንርእዮ ከሎና ኣምሳል ናይ እቶም ሃይማኖቶም ኣብ ደረጃ ሸቓት ዘውርዱ ንኹሉ ነገሮም ኣብ ሃብቲ ዓለምን ምቾትን ኣድሂቦም ዝጉዓዙ እዩ ዘመልክት። ንኹሉ ነገር ኣብ ሕይወቶም ብንዋይ ተኪኦም ይርከቡ። ፍረ ናይ እዚ ኸአ ሰሳዔ ምዝመዛ ከምኡ ፍቕሪ ካልኦት ምጉዳል የኸትል። ኣብቲ ሓቀኛ ትርጉም ቤተ መቕደስ ወይ ቤተ ክርስትያን ክንርኢ ከሎና ኣምሳል ህላዌ እግዚአብሔር ኣብ መንጎ ህዝቡ ምዃኑ ዘርኢ እዩ ነሩ። ከምኡ እውን እግዚአብሔር ብኢየሱስ ገሩ ህላዌኡን ሓይሉን ከም ዝገልጽ እዩ።

እንተኾነ ሰብ ነዚ ብኻልእ ተኪእዎ ይጉዓዝ አሎ። ጾም ሰብ ጉዕዞ ሕይወቱ አብ አምላኽ ኽገብር እሞ ነቲ ሓቀኛ መገዲ ሒዙ ክጉዓዝ ዝሕግዞ እዩ።

## አብ ቤተ መቅደስ ክንመላለስ ከም ዝግባእ።

አምላኽ አብ ቤቱ ክንመላለስ ድላዩ እዩ። ኢየሱስ ሓደ ብንጹር ዝፍለጠሉ አብ ኢየሩሳሌም እናኸደ አብ ቤተመቅደስ ይመላለስ ምንባሩ እዩ፥ ቅ. ጳውሎስ ከምኡ ካልኦት ሓዋርያት አብ ቤተ መቅደስ ይመላለሱ ነሮም። አብ ቤት አምላኽ ክንመላለስ ከሎና ምስኡ ቀጻሊ ርክብ ንገብር። አብ ሕይወትና ንአምላኽ ዝኸውን ጊዜ ሰሪዕና ክንክእል አሎና። ንአምላኽ አብ ናብራና አብ ርክባትና አብ ግላውን ሓባራውን ሕይወትና ቦታ ክንህቦ እንከሎና ሽው ክንምስክሮ ንኽእል። ቅ. ዳዊት ንውናይ ናብ ቤት አምላኽ ምስ በሉኒ ክንደይ ተሓጎስኩ ይብል። አብኡ ምሕረት ሰላም ዕርቂ አሎ። አብ ሓዲስ ኪዳን ቤተ መቅደስ አምላኽ ብርእሱ ክርስቶስ ዝርከቦን አብ ቅ. ቍርባን ብመልክዕ ህብስቲ ስለ ዘሎ ካብኡ ተፈሊና ክንነብር ንሓቀኛ እምነትና አብ ምልክት ሕቶ የእትዎ እዩ። አብ ቤት አምላኽ ምምልላስ እምብአር ምርጫ አይኮነን አብ ሕይወትና ከምቲ መግቢ ማይ አየር ዘድልየና ከምኡ ግድነት ክንገብሮ ዝግብአና ጉዳይ እዩ። ሰብ ምስ አምላኽ ርክብ ምስ አቋረጸ ሽው ንኹሉ ክፍአት ክገብር ድሕር አይብልን እዩ። ርክባትና ምስ አምላኽ ከመሎ ቤቱ ቤትና ገርናዮ ዘሎና። ከመይ እጉዓዝ አሎኹ እናበልና ሕልናና ክንሓትት ይግብአና። ጉዕዞ አብ አምላኽ ገጹ ከምርሕ እንከሎ ሰላም ምርድዳእ ምትሕቝቛፍ አሎ ስለዚ ንአምላኽ ክንረኽቦ አብ መገዱን ቤቱን ክንመላለስ ምናልባት መገዱ ጠፊኡና ኮለል ንብል እንተለና ሎሚ ክንረኽቦ እዋኑ እዩ። መገዲ ክጠፍአና ይክእል እዩ ሎሚ ብቤተ ክርስትያኑ ገሩ ካብቲ ዝጠፋእናዮ ክንምለስ እሞ ተዓረቐና ክንብሎ እዋኑ እዩ።

## ቤት አምላኽ ቤት ጸሎት እዩ።

እግዚአብሔር ንእና ክጥዕመና ምእንቲ አብ ኩሉ ቦታ ዝርከብ እንከሎ ንሱ ልዕሊ ቦታን ጊዜን እንከሎ ምእንታና አብ ሓደ ፍሉይ ቦታ ክንረኽቦ ድላዩ ከይኑ። እዚ ቦታ አምላኽ እንብሎ ቤተ ጸሎት ቤተ ክርስትያን እዩ። አብ 1መቃ 7፡37 *ኦ ጎይታ ነዚ ቤተ መቅደስ እዚ ብስምካ ክስመን ናይ ህዝብኻ ቤተ ጸሎትን መማኅጸንን ኪኸውን ዝኃረኻዮ ንስኻ ኢኻ* እናበለ ቤት አምላኽ ቤት ጸሎት ክንገብሮ ድልዩ ከም ዝኾነ ይሕብረና። አብዚ ቤት ጸሎት አቲና እንተ ጸለናሉ ጥራሕ እዩ ሓቀኛ ትርጉሙ ሒዙ ክጉዓዝ ዝኽእል። ሰባት ብዝተፈላለየ መገዲ መልክዑ ከልውጥዎ ይኽእሉ እዮም። አብኡ ክንመላለስ ከሎና ንአምላኽ አብ ቤቱ ንረኽቦ። ጎ.ኢ.ክ. አብ ቤተ መቅደስ ይመላለስ ከም ዝነበረ እሞ አብኡ አትዩ ይጽልን የስተምህርን ከም ዝነበረ ወንጌል ይነግረና። ቀዳሞት ክርስትያን ነዚ አብቲ መጀመርታ አብ ቤተ መቅደስ አይሁድ ይገብርዎ ነሮም ከምኡ አብ ገዛውቶም። አመንቲ ብሓባር ተአኪቦም ዝጸልዩሉ ገዛ ናይ ኩሎም ስለ ዝኾነ ቤተ ክርስትያን ተባሂሉ። ኩሎም ክርስትያን ዝእከቡሉ ማለት እዩ። አብኡ ንስሓ ኃጢአቶም ይረኽቡ ምስ ሓዎም ሓፍቶም ይዕረቑ አብኡ ንአምላኽ ብቐረባ ይረኽብዎ አብኡ ንጽጉም ሓዎም ይሕግዙ አብኡ ይጥመቑ አብኡ ቃል ኪዳን ይአስሩ አብኡ እንተ ሞቱ ፍትሓት ይግበረሎም ስለዚ ሕይወት ክርስትያን ምስ ቤተ ክርስትያኖም ዝተተሓሓዘ እዩ። ሎሚ ቤተ ክርስትያን ንአምላኽ ክንረኽቦ አብ መቕደሱ ኮና ክንመስግኖ ክንልምኖ ትደልየና። አምላኽይ አብ ቤትካ ከም ዝመላለስ ግበረኒ ንበሎ።

## ቤት አምላኽ ልብና እዩ።

ቅ. ጳውሎስ አብ መልእኽቱ ናብ 1ቆሮ 3፡16-17 *ቤት መቕደስ አምላኽ ምዃንኩምን፥ መንፈስ አምላኽ አባኹም ኃዲሩ ምህላዉንዶ አይትፈልጡን ኢኹም። ሓደ እኳ ነታ ቤተ መቕደስ አምላኽ እንተ አፍረሰ አምላኽ ከፍርሶ እዩ* እናበለ ኩልና ማሕደር አምላክ ከምዝኾና እሞ ነዚ ቅዱስ ቦታ ልብና ብቅድስና ክንሕዞ ከምዝግብአና ይነግረና። ቀጺሉ ብተምሳሳሊ ርድኢት አብ 1ቆሮ 6፡19-20 *ሰውነትኩም ቤተ መቕደስ ናይ እቲ ካብ አምላኽ ዝተቐበልክምዎ አብ ውሽጥኹም ዘሎ መንፈስ ቅዱስ ከም ዝኾነዶ አይትፈልጡን ኢኹም እምብአር ናይ ገዛእ ርእስኹም አይኮንኩምን* እናበለ ሓደ አማናይ አብ ክርስቶስ ብኹሉ ናይ ክርስቶስ ናይ አምላኽ ከምዝኾነ ይነግረና። ክርስትያን ማለተ አብኡ አምላኽ ዝነብር ማለት

እዩ። ኣብ ነፍስ ወከፍና ኣምላኽ ምሳና ኣሎ፥ ንሕና ታቦቱ ኢና ስለዚ ነዚ ፍሉይ ህያብ ኣምላኽ ብምስጋናን ኣኽብሮትን ሒዝና ክንክእል ናታትና ተራ እዩ።

ኣብ ዕለተዊ ሕይወትና ነዚ ቦታ ኣምላኽ ጥራሕ ክኸውን ዝግብኦ ክወርሱ ዝረባረቡ ሕሱማት ጸላእቲ ኣለዉና፥ ብኣኣቶም ተሸኒፍና ምሩኻት ኮና ከይንነብር ሎሚ በዚ ጊዜ ጾም ነቲ ሓቀኛ መሳርያ ክንዕጠቕ ጊዜ ዝህበና እዩ። ልብና ክፉት ስለ ዝኾነ ኣብኡ ዝኣቱ እነፍቅድ ባዕልና ኢና። ኣብ ልበይ ኣብ መንፈሰይ ከእትዎ ዝግብኣኒ ወይ ከኣ ከይኣቱ ደው ከብሎ ዝግብኣኒ ዘፍቅድ ኣነ ስለ ዝኾንኩ ኩሉ ጊዜ ንዝመጽኣኒ ጋሻ ፈሊጠ ከእትዎ ኣሎኒ። ልብና ካልኦት ከይውንንዎ እሞ ቤት ኣምላኽ ምኳኑ ከይሓድግ ዓቢ ምስትውዓል ይሓተና። ሰብ ዝዓበየ ጉድኣት ዝወርዶ ልቡ ንኣምላኽ ከይኣቱ ምፍቃድ ክኽልክል ከሎ ጥራሕ እዩ። ንኣምላኽ ቦታ ዝኸልአ ልቢ ክምሕር ክዕረቕ ሰናይ ክገብር ከምኡ ኣብ ቅድስና ክበጽሕ ከቢድ እዩ። ነዚ ከቢድ ፈተን ኣብ ጊዜ ጾም ኣርብዓ ክነሸንፎ ቀሊል እዩ። ጎይታይ ኣብ ልበይ እቶ ጥራሕ ንበሎ።

ንቤት ኣምላኽ ዝኾነ ልብና ሓቀኛ መልክዑ ነልብሶ።

ሰብ ንእግዚኣብሔር ክመስል ምስኡ ክነብር እዩ ተፈጢሩ እንተኾነ ንመገዱ ስለ ዝሰሓተ ንኣምላኽ ክመስል ጻዕሪ ኣድልይዎ። ነዚ ንኣምላኽ ምምሳል ዝኾነ ዓላማ ተፈጥሮ ወድሰብ ናትና ድኽመትን ብዝጓነፈና ፈተናን ዘይመልክዑ ነልብሶ። ክርስቶስ ከም ዝብሎ ብዓቲ ሰረቕቲ ንገብሮ ቤት ቂምታ፥ ሓመታ፥ ክፍኣት ኩሉ ንገብሮ፥ ነዚ ክነጽሪ ምቹእ ጊዜ ሎሚ እዩ። ኣብ ልብና ኣቲና ክነጽርዮ ነቲ ንመልክዕ ኣምላኽ ተኪኡ ገዚእና ዝርከብ ክፍኣትና ትዕቢትና ሕመቕና ኩሉ ሎሚ ቀንጢጥና ታቦት ኣምላኽ ክንገብሮ ማሕደር መንፈስ ቅዱስ ክንገብሮ ፍቓደኛታት ንኹን። ኣብ ልበይ እቶ ናትካ ግበረኒ ኣዕጺጹ ሒዙኒ ንዘሎ ጸላኢ ካብኡ ነጻ ክወጽእ ጸጋኻ ሃበኒ ተዓረቐኒ ንበሎ።

ብኢዮኤል ነብይ ኣቢሉ እግዚኣብሔር እምብኣርሲ ሕጂውን ብጾምን ብብኽያትን ብቝዝማን ብምሉእ ልብኹም ናባይ ተመለሱ ክዳንኩም ዘይኮነስ ልብኹም ደኣ ቕደዱ ይብል ኣሎ (ኢዮኤል 2፡12)፥ ቀጺሉ ኣብ እምባ ጽዮን (ልብና) መለኸት ንፍሑ ጾም ኣውጁ ኣኼባ ጸውዑ ይብል። ሎሚ እውን እዚ ቃላት ኣብ ልቢ ነፍሲ ወከፍና ክኣቱን ክእወጅን ኣለዎ። ምሕረት ኣምላኽ ክንረክብ ብልቢ ኣብ ልብና ተመሊስና ጽን ክንብሎ ኣሎና። ጾምና ትርጉም ክህልዎ እንተ ኾነ ብልቢ ዝተሰነየ ክኸውን ኣለዎ።

ማርያም እታ ቀዳመይቲ ንኣምላኽ ኣብኣ ድላዩ ክገብር ዘፍቀደት ኣብ ከርሳ ካልኣይ ኣካል ቅድስት ስላሴ ክሓድር ዘፍቀደት ቀዳመይቲ ፍጥረት እያ። ንኣምላኽ እሺ ክትብል ዝኸኣለት እያ። ንሳ መገዲ ኣምላኽ ቋንቋ ኣምላኽ እትፈልጥ እያ፥ ንሳ ንኹሉ ፈተናታት ዓለም ዝረኸበት ግን ዘይተሸነፈት እያ፥ ንሳ ስደት ጥመት ወርደት ኩሉ ዝረኣየት እያ ነዚ ኹሉ ጻባባ ጻራ ዝኸኣለት ሓንቲ መዓልቲ እውን ካብ ገጽ ኣምላኽ ዘይተኸወለት ስለ ዝኾነት ሎሚ ንሕና ምስኣ ክንጉዓዝ መገዳ ክንክተል እንከሎና መገድና ከይሰሓትና ኣብቲ ወዳ ዘለዎ ክተብጽሓን ትኽእል እያ። ኣብ ገለ እዋን መገዲ ይጠፍኣኒ ኣሎ ኣብ ገለ እዋን ሥጋይ የጥቅዓኒ ኣሎ ኣብ ገለ እውን ርጉም ሸይጣን ይዕወተለይ ኣሎ እሞ ኣብ ጎነይ ኩኒ ብፍላይ ከኣ ነዚ ጊዜ ጾም ጊዜ ጸሎት ጊዜ ንስሓ ከምቲ ዝድለ ክጉዓዞ ለምንለይ ንበላ። ማርያም ኣብ ዘላቶ ወዳ ኣሎ ክተስምዖ ክትልምኖ ክእለት ኣለዋ ንሳ እትብለና ወደይ ዝብለኩም ግበሩ እያ እትብለና። ድላይ ወዳ ንግበር ንስሓ ንኣውጅ ኩሉ ኣብኡ ዝምለሰሉ ኩነታት ንፍጠር።

ርሕሩሕ ኣምላኽና ኣብዚ ቅዱስ እዋን ጽዋዕ ቅድስና ተቐቢልና ሃሌ ሉያ እናበልና ክንዝምር ከኽእለና ብሓበራ ብምሉእ ልብና ንለምኖ። ኦ ኣምላኽ ንጹሕ ታቦትካ ኮይነ ክነብር ሓግዘኒ ንበሎ። ኣብ ኩል ኣምላኽ ዝተመስገነ ይኹን።

ጾምና ሕድገት ኃጢኣትና ኣውሂቡ ዘመና ሰላም ፍትሕን ፍቕርን ዘንግሥ ይግበረልና

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ